# Välkommen att resa med Dalatrafik TIGRINJA

**መርሓባ ናብ ጕዕዞታት ዳላትራፊክ**

**ነዚ ዚስዕብ ኣገባብ ተኸተሉ**
ኣብቲ ክትነቕሉሉ እትሓስቡ ቦታ ተጸበዩ።

ኣውቶቡስ ምስ መጸት ናብቲ ናይ ቅድሚት መእተዊ ማዕጾ ትኸዱ። መታን መራሒ መኪና ኪሕግዘኩም በብተራ ደይቡ።

ካብ መራሒ ኣውቶቡስ ንጽል ትኬት ክትገዝኡ ትኽእሉ ኢኹም። መጕዓዚ ካርድ እንተሎኩም ናብቲ ካርድ ዘንብብ መሳርሒ ተጻግዕዎ። ሽዑ ቀጠልያ መብራህቲ እንተ በሪሁ: ክትድይቡ ትኽእሉ ኢኹም ማለት'ዩ። ኣብ ካርድኹም ገንዘብ እንተሎኩም መጕዓዚ ካሳ (reskassa): ናበይ ከም ትኸዱ ነቲ መራሒ ኣውቶቡስ ትሕብርዎ።

ብኣውቶቡስ ንምጕዓዝ ኵሉሳዕ ንጽል ትኬት ክትገዝኡ ወይ መጕዓዚ ካርድኹም ክትመልኡ ኣለኩም። ቅኑዕ ትኬት እንተ ዘይሒዝኩም 700 ክሮኖር ክትቕጽዑ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ኣውቶቡሳትና (ኣውቶቡሳት ገጠርን ከባብን) ክትጕዓዙ ከለኹም ኵሉሳዕ መቐነቲ ተዓጠቑ፤ መቐነቲ ምግባር ንጕዕዞኻ የተኣማምን፤ ብሕጊ ከኣ ውሱን'ዩ።

ኣብ ውሽጢ ኣውቶቡስ ሓላፍነት ዘሎዎን ዚውስንን መራሒ ኣውቶቡስ'ዩ፤ ኣብ ድሕነትኩም ከኣ ሓላፍነት ይስከም።

ኣብ እትደልይዎ ቦታ በጺሕኩም ክትወርዱ ምስ እትደልዩ: ነታ ቀያሕ መጠወቒት ትጸቕጡዋ። መራሒ ኣውቶብስ ሽዑ ኣብታ እትቕጽል ጠጠው መበሊት ቦታ ኣውቶቡስ ደው የብላ።

ቅድሚ ካብ ኣውቶቡስ ብዳሕራይ ማዕጾ ምውራድኩም: ኣውቶቡስ ደው ምባላ ኣረጋግጹ።

**ኣብዚ ዚስዕብ ትኬት ምግዛእ/ካርድ ምምላእ ይከኣል**
**ኣውቶቡስ**
ኣብ ኣውቶቡስ ንጽል ትኬት ትገዝኡ፤ ወቕታዊ ትኬት ወይከኣ መጕዓዚ ካሳ ኣብ ካርድኹም ትመልኡ። ብጥረ ገንዘብ ወይ ብመጕዓዚ ካሳ (reskassa) ከኣ ትኸፍሉ።

**መሸጣ ትኬት**
ኣብ መሸጣ ትኬት ንጽል ትኬት ትገዝኡ፤ ወቕታዊ ትኬት ወይከኣ መጕዓዚ ካሳ ኣብ ካርድኹም ትመልኡ። ብጥረ ገንዘብ: ብባንክ ካርድ ወይ ብመጕዓዚ ካሳ (reskassa) ትኸፍሉ።

**ማሽን ትኬት**
ኣብ ማሽን ትኬት (ኣውቶማት)ንጽል ትኬት ትገዝኡ፤ ወቕታዊ ትኬት ወይከኣ መጕዓዚ ካሳ ኣብ ካርድኹም ትመልኡ። ብባንክ ካርድ ወይ ብመጕዓዚ ካሳ (reskassa) ትኸፍሉ።

**ሞባይል**
ንጽል ትኬት ገዚእኩም ብባንክ ካርድ ወይ ብፋክቱራ (ናይ ወጻኢ ባንክ ካርድ ገዲፍካ) ክትከፍሉሉ እትኽእሉ ናይ ሞባይል ኣፕ (mobilapp) ኣለና።

**ድኳን ኢንተርነት** (E- handel)
ኣብ ኢንተርነት ዚርከብ ድኳንና: ኣብ ካርድኹም መጕዓዚ ካሳ: ወቕታዊ ትኬትን መሊእኩም ብባንክ ካርድ ወይ ኢንተርነት ባንክ (ናይ ወጻኢ ባንክ ካርድ ገዲፍካ) ክትከፍሉ ትኽእሉ።

## ትኬትን መጕዓዚ ካርድን

### ንጽል ትኬት
ነቶም ሳሕቲ እትጉዓዙ:- ነቲ ክትከዱዎ እትምድቡ ርሕቀት ዚምልከት ትኬት ግዝኡ። እቲ ቲኬት ንሓደ ተጕዓዚ ጥራይ የገልግል።

### መጕዓዚ ካርድ (Resekort) ብመጕዓዚ ካሳ (Reskassa) ወይ ወቕታዊ ትኬት (period)

**መጕዓዚ ካሳ** (Reskassa)

ኣብ ካርድኹም ዘሎ መጕዓዚ ካሳ ገንዘብ ኣእትዉሉ። ብድሕሪኡ ነቲ መጕዓዚ ካሳ ካብቲ ንቡር ዋጋ እንተ ወሓደ ብ20 % ዝነከየ ዋጋ: ንጽል ትኬት ክትገዝኡሉ ትኽእሉ።

**ወቕታዊ ትኬት** (Periodladdning)

ነቶም ብዙሕ እትጕዓዙ:- ነቲ እትጕዓዙሉ ከባቢ ዝተወሰነ ትኬት ትገዝኡ። ወቕታዊ ትኬት ንሓደ ሰብን ጕዕዞን የገልግል።

ባዕልኹም ንዞን-1: ዞን-2: ንኮሙን ወይ ንምሉእ ኣውራጃ (län) ዚምልከት ትኬት ትመርጹ።

### ገደብ ዕድመ

- ተመሃሮ መንእሰያት 7 – 19 ዓመት
- መንእሰያት 20 – 25 ዓመት
- 26 ዓመት ዚመልኡን ልዕሊኡን
- 2 ቆልዑ ካብ 0 – 6 ዝዕድመኦም ምስ ዓበይቲ ብናጻ ኪጎዓዙ ይፍቀዶም

### ዝተረፈ

### ኣውቶቡስ መዓስ ትነቅል

ኩላተን ኣውቶቡሳት: ከከም እቲ ዚኸዳሉ ቦታ: ነናተን ቍጽርን ሰሌዳ ጊዜን ኣሎወን። ኣብ ኢንተርነት ዚርከብ ኣድራሻና ሰሌዳታት ጊዜ ኣለኩም:- www.dalatrafik.se።

እንግሊዝኛ ትኽእሉ እንተደኣ ኮይንኩም: ብቝጽሪ ስልኪ 0771-95 95 95 ናብ ክፍሊ ተገልገልቲ (kundservice) ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም።

### ባቡር
ናይ ዳላትራፊክ ወቕታዊ መጕዓዚ ካርድ (Resekort period) ኣብ ኩላተን ባቡራት ዳላርና የገልግል'ዩ። ብባቡር ክትጕዓዙ ከለኹም ንዝተዋህበኩም ቅብሊት (ክቪቶ) ግድን ከተርእዩ ኣለኩም።

### መጸዋዕታ ሕክምና
ምብጻሕ ሓኪም ክትገብሩ ካብ ላንድስቲን መጸዋዕታ እንተ መጺኡኩም ብኣውቶቡስ ብናጻ ክትጕዓዙ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ዝመጸኩም መጸዋዕታ ንመራሕ-ኣውቶቡስ ኣርእዩዎ። እቲ መጸዋዕታ ንሓደ ሰብ ጥራይ'ዩ ዜገልግል፤ ትሕቲ 19 ዓመት ዚዕድመኦም መንእሰያት ግን መሰነይታ ኪማልኡ ይኽእሉ'ዮም። እቲ እትጕዓዙሉ መዓልቲ ምስቲ ኣብቲ መጸዋዕታ ዘሎ ዕለት ኪሰማማዕ ኣለዎ።

**ዳላትራፊክ ጽቡቕ ጕዕዞ ይምነየልኩም**